Australian Government
Department of Home Affairs

# ኣብ ኣውስትራልያ ንዘሎ ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ምቅላስ

ኣውስትራልያ ዝያዳ ድሕንነት ዘለዋ ምእንቲ ክትኸውን ብሓባር ምስራሕ



© Commonwealth of Australia 2024

ኣብዚ ሕታም ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ ናይ ጽሑፍ ኩሉ፡ ብዘይካ'ቲ ካብ ናይ ኮመንወልዝ መለለዪ ኣጽዋር (Commonwealth Coat of Arms) ዝተወሰደ፡ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ሓባራዊ ፈጠራ ኣስተዋጽኦ 4.0 ኣህጉራዊ ፍቓድ (a Creative Commons Attribution 4.0 International license) ተዳልዩ ዘሎ ኢዩ። ኣብ ኢንተርነት ድማ፡ https://creativecommons.org/licenses/by/4.0/legalcode ይርከብ

እዚ ማለት ድማ፡ እዚ ፍቓድ'ዚ (ሊቸንሳ)፡ ከምቲ ኣብቲ ሰነድ ተዘርዚሩ ዘሎ፡ ነቲ ዘትኩረሉ ትሕዝቶ ጥራሕ ይምልከት።

ከምቲ እቲ ምሉእ ሕጋዊ ደምቢ(ኮድ) ናይ CC BY 4.0 ፍቓድ (ሊቸንሳ) ኣብ https://creativecommons.org/licenses/by/4.0/legalcode ዘሎ፡ ዝርዝር ናይቶም ኣገደስቲ ዝኾኑ ናይ ፍቓድ ቅጥዕታት ድማ፡ ኣብ ናይ Creative Commons website፡ ኣብ https://creativecommons.org/ ኣሎዉ።

**ምጥቃም ሓገራዊ ኣርማ**

ናይ ሓገራዊ ኣርማ ንምጥቃም ዘኣኽእሉ መምርሒታት ኣብ ናይ መራሕ መንግስቲን ካቢነን ምምሕዳር (Department of the Prime Minister and Cabinet) ድህረገጺ፡ ኣብ https://www.pmc.gov.au/government/commonwealth-coat-arms ብዝርዝር ቀሪቡ ኣሎ።

**ርኽቡና**

ብዛዕባ ፍቓድን ዝኾነ ይኹን ኣጠቓቕማ ናይዚ ሰነድን ዝምልከት ሕቶታት ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ድሉው እዩ።

Department of Home Affairs
PO Box 25
BELCONNEN ACT 2616

# ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ንኣገባብ ኣነባብራና ሓደጋ እዩ።

ስለያን ጣልቃ ምእታው ናይ ወጻእተኛታትን ንልኡላውነት፡ ዲሞክራሲ፡ ክብርታትን ሃገራዊ ረብሓታትን ኣውስትራልያ – ንኣገባብ ኣነባብራና ኣብ ሓደጋ የውድቑ።

ንኣውስትራልያ ዒላማ ዝገበረ ዝተራቐቐን ቀጻልን ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ንጥፈታት ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት እዩ።

ከምቲ ዋና ዳይረክተር ጸጥታ ኣቐዲሙ ዝገለጾ፡ 'ኣብ ኣገባብ ህይወትና ዘስግኡ ስግኣታት ንቓንዲ ስክፍታ ጸጥታ ኣውስትራልያ ይውክሉ። ውድብ ስለያ ጸጥታ ኣውስትራልያ ካብ ዝፈልጦ፡ ዝምርምሮ፡ ዝግምግሞን ዝዘርግን ዘሎ መሰረት ብምግባር፡ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣውስትራልያውያን ብስለያን ጣልቃ ምእታው ወጻእተኛታትን ዒላማ ይኾኑ ኣለዉ።'

ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ምፍታሕ ዘይምኽኣል ኣብ ልዕሊ ኣውስትራልያ ኣሉታዊ ናይ ነዊሕ ግዜ ሳዕቤን ክህልዎ እዩ።

ቁጽጽር ዘይግበረሉ እንተኾይኑ ንዲሞክራስያዊ ክብርታትና፡ ሲቪላዊ መስላትና፡ ትካላት መንግስቲ፡ ቁጠባዊ ብልጽግና፡ ምትእስሳር ሚድያን ማሕበረሰባትን ምድኻም ክቕጽል እዩ።

እዚ ሰነድ እዚ ከምዚ ዝስዕብ ይገልጽ፡-

- መን እዩ ዝያዳ ኣብ ሓደጋ ዝወድቕ።
- መንግስቲ ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ንምፍታሕ እንታይ ይገብር ኣሎ።
- ውልቀሰባትን ትካላትን ንነብሶም ንምክልኻል እንታይ ክገብሩ ከምዝኽእሉ።

**ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ኣብ ኣውስትራልያ ገበን ኮይኑ ክሳብ**
**20 ዓመት ማእሰርቲ ብመሰረት ገበናዊ ሕጊ ኮመንዌልዝ 1995 (Commonwealth *Criminal Code Act 1995*) ይቕጻዕ።**

# ሰሌዳ ትሕዝቶ


**ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ንኣገባብ ኣነባብራና ሓደጋ እዩ። ........ 3**

**ሰሌዳ ትሕዝቶ ........ 4**

**ናይ ወጻኢ ጣልቓ ብምእታው ዝተጠርጠረ ብኸመይ ንሕብር ........ 5**

ንውልቀሰባትን ሓፈሻዊ ጸብጻባትን ........ 5

ናይ መንግስትን ኣውስትራልያን ንግዳዊ ትካላትን ናይ ምርምር ኢንዱስትሪታትን ........ 5

**ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው እንታይ እዩ? ........ 6**

ዕላማታት ናይ ጣልቓ ምእታው መንግስቲ ወጻኢ ........ 6

ስለያ እንታይ እዩ? ........ 6

**መን እዩ ብዝያዳ ንናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ሓደጋ ዝቃላዕ? ........ 7**

ማሕበረሰባት ........ 7

ዲሞክራስያዊ ትካላት ........ 8

ላዕለዋይ ትምህርትን መጽናዕቲ ምርምርን ........ 9

ኢንዱስትሪ ........ 10

ሚድያን መራኸቢታትን ........ 11

**ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታውሓደጋ ሓደጋ ንምንካይ እንታይ ክትገብር ትኽእል? ........ 12**

ውልቀሰባት ........ 12

መንግስትን ኢንዱስትሪን ........ 13

**መንግስቲ ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ንምምካት እንታይ ይገብር ኣሎ? ........ 14**

ሕጊ ምውጻእ ........ 14

ተወሳኺ ስጉምቲታት ........ 15

# ናይ ወጻኢ ጣልቃ ብምእታው ዝተጠርጠረ ብኸመይ ንሕብር

**ኣብ ህጹጽ ኩነታት ናብ 000 ምድዋል**

## ንውልቀሰባትን ሓፈሻዊ ጸብጻባትን

**መስመር ቴሌፎን ሃገራዊ ድሕነት**

- ደውል 1800 1234 00 (ካብ ኣውስትራልያ ወጻኢ: (+61) 1300 1234 01)
- ኢመይል: hotline@nationalsecurity.gov.au

ናብ መስመር ቴሌፎን ሃገራዊ ድሕነት ዝቐርቡ ጸብጻባት ሽሞም ከይተገልጸ ክቐርብ ይኽእል እዩ፣ ንኸረአ ድማ ናብ ዝምልከቶም ኣኽበርቲ ሕግን ጸጥታን ይመሓላለፍ።

## ናይ መንግስትን ኣውስትራልያን ንግዳዊ ትካላትን ናይ ምርምር ኢንዱስትሪታትን

**ፖርታል ናይ ስግኣታት ዝሕበሩ ፍጻመታት ወይ ጸብጻብ ዝግበረሎም ትዕዝብቲ (NITRO)**

- ፖርታል ውሑስ መርበብ ሓበሬታ:- Home | NITRO (asio.gov.au)

NITRO ንኣውስትራልያውያን ትካላት ንግድን መጽናዕትን ዝተፈጥረ ውሑስ ናይ ኢንተርነት ፖርታል ኮይኑ፡ ጥርጡር ንጥፈታትን ዝኾነ ፍጻመታት ምፍርራሕ፡ ምግፋዕ፡ ምግዳድ ወይ ምፍርራሕን ንኽሕብሩ ዝተፈጥረ እዩ።

# ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው እንታይ እዩ?

ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ብናይ ወጻኢ ሓይሊ ሽም ዝፍጸም፡ ዝምራሕ ወይ ዝድጎም ወይ ብንጡፍ ምትሕብባር ዝፍጸም ንጥፈታት ኮይኑ፡ ከምዚ ዝስዕብ ዘጠቓልል እዩ፦

- ንሓደ ሰብ ዘስግእ መፍርራሕ፣ ወይ
- ብሕቡእ ወይ መታለልን ንረብሓታት ኣውስትራልያ ዝጎድእን'ዩ።

## ዕላማታት ናይ ጣልቓ ምእታው መንግስቲ ወጻኢ

- ሰባት – ንብልሸውና ወይ ምግዳድ ተቓላዕቲ ክኾኑ ዝኽእሉ፡ ወይ ድማ ንናይ ወጻኢ መንግስቲ ወኪሎም ክዋስኡ ክታለሉ ዝኽእሉ።
- መሰረታዊ ስርዓታትንትካላትን – ክቆጻጸሩ፡ ክበጽሑ ወይ ክዕንቀፉ ዝኽእሉ።
- ሓበሬታ – ክስረቕ፣ ምትላል ክግበረሉ ወይ ብሓሶት ክፍጠር ዝኽእል።

## ስለያ እንታይ እዩ?

- ስለያ ማለት ንሓደ ናይ ወጻኢ ሓይሊ ወኪሉ ዝሰርሕ ሰብ፣ ወይ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣውስትራልያ ረብሓ ንዝደሊ ናይ ወጻኢ ሓይሊ ሓበሬታ ክህብ ዝሓሰበ ሰብ ሓበሬታ ምስራቕ እዩ።

### ናይ ወጻኢ ጽልዋ ካብ ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ብኸመይ ይፍለ?

**ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታውን ናይ ወጻኢ ጽልዋን ምፍላይ ኣገዳሲ እዩ።**

- ኩሎም መንግስታት፣ እንተላይ መንግስቲ ኣውስትራልያ፣ ንዓላቶም ኣገደስቲ ዝኾኑ ጉዳያት ጽልዋ ክሕድሩ ይጽዕሩ።
- ባዕዳዊ ጽልዋ ማለት ንህዝብና፣ ሕብረተሰብናን ዲሞክራስያዊ ስርዓታትናን ክፉት፣ ግሉጽን ዘኽብርን ንጥፈት እዩ።
- ናይ ወጻኢ ጽልዋ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት፡ ፖለቲካዊ ምጉስጓስ፡ ንጥፈታት ርክብ፡ ምፍናው ገንዘብን ባህላዊ ዲፕሎማሲን ከጠቓልል ይኽእል።

እዚ ንጥፈታት ብግሉጽን ክረኣ ብዝኽእል ኣገባብ ክካየድ እንከሎ ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ኣይኮኑን።

# መን እዩ ብዝያዳ ንናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ሓደጋ ዝቃላዕ?

ናይ ወጻኢ መንግስታት ንዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ኣውስትራልያ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዒላማ ይገብሩ ኣለዉ።

## ማሕበረሰባት

ስግኣት ጣልቃ ናይ ምእታው ወጻእተኛታት ንማሕበረሰብ ኣውስትራልያ ዝምልከት ክኸውን ከሎ፣ ኣባላት ማሕበረሰባት ዲያስፖራና መብዛሕትኡ ግዜ ካብቶም ክዕፍንዎም ዝደልዩ ናይ ወጻኢ መንግስታት ዝያዳ ሓደጋ ይወድቑ።

ኣብቲ ሕብረተሰብ ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ብዙሕ መልክዓት ክሕዝ ይኽእል እዩ፣ ንሳቶም ድማ፡-

- ምፍርራሕ፣ ኣካላዊ ወይ ኤሌክትሮኒካዊ ምክትታል፣ ምጭዋይ ወይ መጥቃዕቲ ብናይ ወጻኢ መንግስቲ ከም ተቓወምቲ ዝረኣዩ ውልቀሰባት።
- ኣብ ዲሞክራስያዊ ተሳትፎ ጣልቃ ምእታውን ማሕበራዊ ምትእስሳር ምድኻምን።
- ንሓደ ውልቀሰብ ወይ ጉጅለ ንምጽላም ወይ ንምውራድ ዝፍትን ናይ ኦንላይን ሓበሬታ ስርሓት።
- ውልቀሰባት ኣብ ወጻኢ ሃገራት ንዝርከቡ ስድራቤቶም ወይ መሻርኽቶም ብምፍርራሕ ቁጠባዊ ወይ ፖለቲካዊ ረብሓታት ናይ ወጻኢ መንግስቲ ንምስጓም ምግዳድ።
- ኣባላት ማሕበረሰብና ካብ ኣውስትራልያ ወጺኦም ናብ መበቆል ሃገሮም ክምለሱ ምግዳድ፣ ካብቲ ዝተሰማምዑሉ መስርሕ ኣሕሊፍካ ምሃብ ወጻኢ።

ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ኣብ ማሕበረሰባት እዞም ዝስዕቡ ጽልዋታት ክህልዎ ይኽእል።

- ኣባላት ሕብረተሰብ ኣብ ህዝባዊ ክትዕ ብናጽነት ክሳተፉ ኣይክእሉን እዮም።
- ኣባላት ንነብሶም ሳንሱር ይገብሩን ካብቲ ሰፊሕ ሕብረተሰብ ዝተረሓሓቑ ኮይኖም ይስምዖምን።

**ንኣብነት፥ ምፍርራሕ ሰልፈኛታት (ተቓወምቲ)**

ጀሲ/Jesse ኣብ ሓንቲ ከተማ ኣውስትራልያ ኣብ ካልእ ሃገር ብዝተፈጥረ ፖለቲካዊ ጉዳይ ኣብ ዝተኻየደ ሕጋዊ ተቓውሞ ሰልፊ ይሳተፍ። ጀሲ/Jesse፣ ናይቶም ሰልፈኛታት ስእልን ቪድዮን ዝስእል ሰብ ከምዘሎ የስተብህል። ጀሲ/Jesse ኣብቲ ተቓውሞ ሰልፊ ድሕሪ ምክፋሉ፣ ብኦንላይን ኢንተርነት ከግፋዕ ይጅምር። ኣብ ካልእ ሃገር ዝርከቡ ስድራቤት ጀሲ/Jesse ብዛዕባ ንጥፈታት ጀሲ/Jesse ኣብ ኣውስትራልያ ብሰበስልጣን እቲ ከባቢ ኣብ ሕቶ ይቐርቡን ከቢድ ጉድኣት ክበጽሑ ይፈርሑን። ጀሲ/Jesse ተወሳኺ ምግፋዕ ከይፍጸም ካብ ዝፈርሕ ባህርያቱን ዘረባኡን ሳንሱር ክገብር ይጅምር፣ እዚ ድማ ንናጽነት ሓሳብካ ምግላጽን ተሳትፎኡን ኣብ ማሕበረሰብ ኣውስትራልያ ይድርቶ።

## ዲሞክራስያዊ ትካላት

ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ንኣውስትራሊያውያን ንዲሞክራስያዊ ክብርታት ዘለዎም ተወፋይነት ክፈታተንን ኣብ ቅንዕና ደሞክራስያዊ ስርዓትና ዘለዎ እምነት ህዝቢ ከጉድልን ይኽእል። ብደረጃ ዓለም ናይ ወጻኢ መንግስታት ብናይ ምርጫ፣ ፖለቲካውን ቢሮክራስያውን ምትእትታው ንዲሞክራስያውያን ሃገራት ንምድኻም ፈቲኖም እዮም፣ ከም፥

- ንውጽኢት ምርጫ ናብቲ ፖሊሲታቱ ንናይ ወጻኢ መንግስቲ ዝያዳ ምቹእ ዝኾነ ሕጹይ ወይ ፖለቲካዊ ሰልፊ ንምንቅስቓስ ምፍታን።
- ንፖለቲካዊ ሕጹያት፡ ፖለቲካዊ ሰራሕተኛታት ወይ ሰበስልጣን መንግስቲ ብሕቡእ ጽልዋ ንምፍጣር፡ ንምግዳድ ወይ ንምብስባስ ኣብ ልዕሊ ረብሓታት ኣውስትራልያ ንረብሓታት ወጻኢ ሃገራት ንምግልጋል ምፍታን።
- መረጽቲ ኣብ ቅንዕና መስርሕ ምርጫን ዲሞክራስያዊ መንግስትን ዘለዎም እምነት ንምንካይ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ምዝርጋሕ።

**ንኣብነት፥ ኣብ ፖለቲካ ኣውስትራልያ ምትእትታው**

ሓደ ናይ ወጻኢ ሓይሊ ንሓደ ኣባል ማሕበረሰብ ኣውስትራልያ ንፖለቲካዊ ጎስጓስ ሓደ ኣውስትራልያዊ ፖለቲከኛ ወፈያ ክገብር ብሕቡእ መምርሒ ይህብ። እቲ ኣውስትራልያዊ ፖለቲከኛ ብድሕሪኡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣባል ማሕበረሰብ ኣወንታዊ ዝንባለ ኣለዎ፣ እቲ ውልቀሰብ ድማ እቲ ኣውስትራልያዊ ፖለቲከኛ ኣብ ሓደ ንባዕዳዊ ሓይሊ ዝጠቅም ጉዳይ ፍሉይ መርገጺ ክሕዝ ዝሓተቶ ይሰማማዕ። እቲ ኣባል ማሕበረሰብ ነቲ ኣውስትራልያዊ ፖለቲከኛ፣ ሓደ ናይ ወጻኢ ሓይሊ ኣብዚ ባህሪ ክዋፈሩ ከም ዝመርሖም ኣይነግሮምን እዩ።

ኣብዚ ኣብነት እዚ ባዕዳዊ ሓይልን ኣባል ሕብረተሰብን ኣብ ናይ ባዕዳዊ ጣልቓ ምእታው ተግባር ተጸሚዶም እኳ እንተኾኑ፡ እቲ ፖለቲከኛ ግን ኣይኮነን፡ እቲ ስዉር ተሳትፎ ናይቲ ባዕዳዊ ሓይሊ ግን ኣይተረድኦን።

## ላዕለዋይ ትምህርትን መጽናዕቲ ምርምርን

ናይ ወጸኢ ጣልቓ ምእታው ኣብ ዩኒቨርሲቲታት ኣውስትራልያን ካልኦት ወሃብቲ ትምህርትን ዘሎ ኣካዳሚያዊ ናጽነት ከዳኽም ይኽእል። ናይ ወጸኢ መንግስታት ኣንፈት መጽናዕቶም ንምቕያር ወይ ድማ ወተሃደራዊ ወይ ንግዳዊ ረብሓ ንምርካብ ኣእምሮኣዊ ንብረት ንምስርቃቕ ብዝብል ዕላማ ምሁራት ክቖጽሩ ክፍትኑ ይኽእሉ። ናይ ወጻኢ መንግስታት ምስ ድሌታቶም ዝሰማማዕ ስርዓተ ትምህርቲ ዩኒቨርሲቲ ብሕቡእ ክቐርጽዎ፣ ከምኡ'ውን ንዓለምለኻውያን ተማሃሮ ክከታተሉን ከፈራርሕዎን ክፍትኑ ይኽእሉ።

እዚ ከምዚ ክመስል ይኽእል፥

- ቁጠባዊ ጸቕጢ ብምጥቃም ዩኒቨርሲቲታት ዳርጋ ንወጻእተኛታት ጥራይ መሰል ኣእምሮኣዊ ንብረትን ቁጠባዊ ረብሓን ዘብጽሕ ዘይምቹእ ምድላዋት ክፈርማ ምግዳድ።
- ኣካዳሚያዊ ናይ ምሕታት ናጽነት፡ ቋንቋ መደረ፣ ኣርእስታት መጽናዕቲ ወይ ትሕዝቶ ኮርስ ጽልዋ ንምፍጣር ዝግበር ፈተነታት፣ ምስ ናይ ወጸኢ ረብሓታት ንኽሰማማዕ።
- ኣረኣእያታት ምስ ናይ ወጸኢ መንግስቲ ኣብ ዘይሰማምዑሉ እዋን ኣብ ቀጽሪ ዩኒቨርሲቲ ንናጽነት ምዝራብን ሓሳብካ ምግላጽን ስቕ ንምባል ምፍታን።

**ንኣብነት፥ ዩኒቨርሲቲታትን መጽናዕቲ ምርምርን**

ምስ ምክልኻል ዝተኣሳሰር ቴክኖሎጂ መጽናዕቲ ዘካይድ ምሁር ኣብ ወጸኢ ሃገር ኣብ ዝካየድ ኣኼባ ዋዕላ ይሳተፍ፣ ኣዳለውቲ ድማ ንኹሉ ወጸኢታት ይሽፍኑ። እቶም ኣዳለውቲ ነቲ ኣኼባ ዋዕላ ተጠቒሞም ንመቑጸሪ ዒላማ ገይሮም እዮም። ድሕሪ ምዝዛም እቲ ኣኼባ ዋዕላ፣ እቲ ኣካዳሚክ ናብ ኣውስትራልያ ተመሊሱ፣ ኣብታ ወጸኢ ሃገር ንዝነብሩ ተሳተፍቲ ዋዕላ ብዛዕባ ቀዳምነታት ሃገራዊ ድሕነትን ምክልኻልን ኣውስትራልያ ሓበሬታ ምሃብ ይጅምር። እዚ ድማ ንሃገራዊ ድሕነት ኣውስትራልያ ምብልሻው የስዕብ።

## ኢንዱስትሪ

ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ንዓቕምን መኽሰብን ንግዲ ኣውስትራልያ ክድርቶ ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ
ቁጠባዊ ብልጽግና፣ ናይ ምክልኻል ዓቕሚን ብፈተውትን መሓዙትን ኣብ ልዕሌና ዘገብርዎ እምነትን ኣሉታዊ ጽልዋ ዘሕድር እዩ። ቴክኖሎጂታት፡ ወሳኒ ማዕድናትን ወሳኒ ትሕተ ቅርጽን ኩሎም ናይ ወጻኢ መንግስታት ዘገድሶም መዳያት እዮም።

ኢንዱስትሪ ንምድኻም ዝጥቀሙሉ ሜላታት ክምዚ ዝስዕብ የጠቃልል፥

- ናይ ሓባር ትካላትን ምትሕብባርን፡ ምትእስሳር ወይ ዕላማ ናይቲ ኣህጉራዊ መሻርኽቲ ኮነ ኢልካ ዝተሓብአሉ።
- ንግዳዊ ምድላዋት ብምጥቃም ንመጽናዕትን ቴክኖሎጅን ኣውስትራልያ ንንግዳውን ወተሃደራውን ረብሓ ካልኦት ሃገራት ምጽራይ።
- ኣብ ውሽጢ ኣገደስቲ ቁጠባዊ ጽላታት ዓቕምን ተወዳዳርነትን ኢንዱስትሪ ኣውስትራልያ ንምጉዳእ ዕዳጋታትን ቀረብ ሰንሰለታትን ምቑጽጻር።

**ንኣብነት፥ ኣብ ኢንዱስትሪታት ሓባራዊ ሽርክነት**

ሓደ ኣውስትራልያዊ ኩባንያ ምስ ብወጻኢ መንግስቲ ዝውነን ትካል (SOE) ናይ ሓባር ስራሕ ኣትዩ። እቲ ብወጻኢ መንግስቲ ዝውነን ትካል (SOE) ምስ ናይ ወጻኢ ሃገር መንግስቲ ኣገልግሎት ስለያ ጥቡቕ ዝምድና ኣለዎ። እቲ ብወጻኢ መንግስቲ ዝውነን ትካል (SOE) ነቲ ፕሮጀክት ርኡይ ገንዘብ ይህብ፣ ኣብቲ ኣውስትራልያዊ ኩባንያ ድማ ሓደ ሰራሕተኛ ኣዳልዩ ኣሎ። እቲ ኣውስትራልያዊ ኩባንያ፡ ሃገራዊ ድሕነት ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋታት ይፈልጥ እኳ እንተነበረ፡ ብዝኾነ መንገዲ ግን ብሰንኪ ንግዳዊ ምኽንያታት ነቲ ስምምዕነት ፈሪሙ።
እቲ ናይ ሓባር ስራሕ ብድሕሪኡ ነቲ ኩባንያ ንናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታውን ስለያን ኣቃሊዕዎ።

## ሚድያን መራኸቢታትን

ድልዱላት ዲሞክራስያውያን ሃገራት፣ እሙን ሓበሬታ፣ ሓሳብካ ምግላጽ ናጽነትን ናጻ መራኸቢ ብዙሃንን ብምህላወን ዝፈለጣ እየን። ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ኣብ መራኸቢ ብዙሃን፣ ኣውስትራሊያውያን ብጽቡቕ ሓበሬታ ዝተሰነየ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ውሳኔታት ናይ ምውሳን ዓቕሞም ከዳኽም ይኽእል፣ ከምኡ'ውን ንማሕበረሰባዊ ወጥሪ ኪጋድድ ይኽእል፣ ማሕበራዊ ምትእስሳርና ድማ ክሽርሽር ክበላሸው ይኽእል።

እዚ ከምዚ ከመስል ይኽእል፥

- ንረብሓ ናይ ወጻኢ መንግስቲ ዘገልግልን ንዲሞክራስያዊ ክብርታት ዘዳኽምን ትረኻታትን ስሕተት ሓበሬታን ምዝርጋሕ።
- ናብ ህዝቢ ዝዝርግሕዎ ሓበሬታ ንምቁፅፃር ኣብ ዝግበር ፈተነ ጋዜጠኛታትን ካልኦት ሰብ ሞያ ሚድያን ምቑፅፃር።
- ኣብ ኣውስትራልያ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ዝግለጽ ነቐፌታዊ ኣረኣእያታት ንምድራት ወይ ንምቁጽጻር ምፍታን፣ እንተላይ ብሳንሱር ትሕዝቶ፣ ወይ ንጋዜጠኛታት፣ ደለይቲ ፍትሒ ወይ ፖለቲከኛታት ምግፋዕን ምጽላምን።

**ንኣብነት፥ ንጸብጻብ ክፉት ሚድያ ብንፅቐት ምድኻም**

ኣዳለውቲ ሓንቲ ጋዜጣ ኣብ ዝተወሰነ ፖለቲካዊ ጉዳይ ሽፋን ኪድርቱ ብቦርድኦም ጸቕጢ ይግበረሎም። ብኣዳለውቲ ዘይተፈልጠ ብርኪት ዝበሉ ኣባላት ቦርድ ምስ ናይ ወጻኢ መንግስቲ ዘይተገልጸ ርክብ ስለዘለዎም፣ ምስ መርገጺ መንግስቲ ወጻኢ ንምስምማዕ ኣብዚ ፖለቲካዊ ጉዳይ ዝወሃብ ኣሉታዊ ሽፋን ንምንካይ ይጽዕሩ ኣለዉ። እዚ ሸንኮለል ዝበለ ጸብጻብ ቀስ ብቐስ ብንፅቐቲ ኣፍልጦ ህዝቢ ብዛዕባ'ቲ ፖለቲካዊ ጉዳይን ኣብ'ቲ መውጽኢ ዜናን ማዕከናት ዜና ኣውስትራልያን ዘለዎ እምነትን ከዳኽም ይጅምር።

# ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታውሓደጋ ሓደጋ ንምንካይ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

ኩላትና ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ንምምካት ሓላፍነት ኣሎና። እቲ ስግኣት ክንፈልጦ ኣለና። ኣንጻር ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ሓባራዊ ጽንዓትና ምዕባይ ናይ ሓባር ሓላፍነት እዩ።

መንግስቲ ኣውስትራልያ ምስ ውልቀሰባትን ጸላታትን ብምትሕብባር ምቅላል ንምትግባርን ንናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ተግባራት ምላሽ ንምሃብን ይሰርሕ ኣሎ።

## ውልቀሰባት

- ብዝኾነ ይኹን መገዲ ስግኣት ወይ ውሕስነት ዘይብልካ ኮይኑ እንተተሰሚዑካ፡ ንፖሊስ ርኸብ፤

  – ንቕጽበታዊ ስግኣታት 000 ምጥቃም፤ ወይ

  – 13 14 44 ንዘይቅጽበታዊ ምፍርራሕ።
- ብናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ንጥፈታት ዒላማ ጌርኩም እንተመሲሉኩም፡ ናብ መስመር ቴሌፎን ሃገራዊ ድሕነት [Australian National Security] ጸብጻብ ኣቕርቡ። ሽምም ከይገለጽካ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።
- ኩሎም ብኢንተርነት እትረኽቦም ሰባት መን ምዃኖም ብሓቂ ዝዛረቡ እዮም ማለት ኣይኮነን። ቅድሚ ሓበሬታ ምክፋልካ ወይ ምስ ሓደስቲ መሻርኽቲ ምድላዋት ምግባርካ ብዛዕባ መንነትን ድራኽን ካልኦት፡ ከምኡ'ውን ክመጽእ ዝኽእል ሓደጋታት ብጥንቃቐ ሕሰብ [ ቅድሚ ምትእስሳርካ ሕሰብ | ASIO]
- ሳይበር ውሑስ ኩን [ሳይበር ውሑስ ኩን [ ንነብስኻ ተኸላል| Cyber.gov.au]።
- ምስ እሙናት ማዕከናት ዜና ብምምርማር ናይ ሓሶት ዜናን ግጉይ ሓበሬታን ከመይ ጌርካ ከም እትፈልጥ ተማሃር። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንዘወሃብ ሓበሬታ ተጠራጣራይ ኹን ወገናውነት ፈትሽ።
- እቲ ናይ ምርጫ ዓውዲ፣ ደው ኢልካ ኣብ ግምት ኣእቱ [stop-and-consider-external-flyer.pdf (aec.gov.au)]፣ እቲ ሓበሬታ ካብ እሙን ምንጪ ድዩ? መዓስ እዩ ተሓቲሙ? ምትላል ክኸውን ይኽእል ድዩ?
- ከቢድ ናይ ኦንላይን በደል ናብ ኮሚሽነር ኢ-ሴፍቲ/eSafety ኣብዚ ዝስዕብ ጸብጻብ ኣቕርቡ፡ https://esafety.gov.au/report.
- ኣብ ኣውስትራልያ ዝርከቡ ዲፕሎማስያዊ ወይ ቆንስላዊ ሰበስልጣን ዘይግቡእ ባህርያት ብዝምልከት ስክፍታታት እንተሃልዩኩም ናብ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢን ጨንፈር ፕሮቶኮል ንግድን ብኢሜል Protocol.branch@dfat.gov.au ጸብጻብ ኣቕርቡ።
- ናይ ወጻኢ መንግስቲ፣ ናይ ወጻኢ ፖለቲካዊ ትካል ወይ ምስ ናይ ወጻኢ መንግስቲ ዝተኣሳሰር ኣካል ወይ ውልቀ ሰብ ወኪልካ ንጥፈታት ክትፍጽም ትሕተት እንተኾንካ፣ ንጥፈታትካ ኣብ ትሕቲ ናይ ወጻኢ ጽልዋ ግሉጽነት መደብ [Foreign Influence Transparency Scheme | Attorney-General's Department] ክትምዝገብ እንተድኣ ኣድልዩካ ኣብ ግምት ኣእትው።
- ናይ ወጻኢ ጣልቓ ምእታው ንኣእምሮኣዊ ጥዕናኻን ጽቡቕ ሂወትካን ክጸልዎ ይኽእል። እዞም ዝስዕቡ ናይ ደገፍ ኣገልግሎታት ብናጻ እዮም፣ ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት ኣብ ሰሙን 7 መዓልቱታት {24/7} ዝቐርብ፣ ምስጢራዊን ሞያዊ ምኽሪ ዝህብን እዩ።
  – Lifeline: 13 11 14
  – Beyond Blue: 1300 224 636

## መንግስትን ኢንዱስትሪን

ቅድሚ ናብ ሓድሽ ሽርክነት ምእታውካ ነቲ ስግኣት ብምፍላጥን ግቡእ ምጽራይካን ብምግባር ንነብስኻን ንውድብካን ዝናኻን ንስራሕካን ሓልው።

- NITRO (ንኽፍለጥ ዝግበኦ ፍጻመታት፣ ስግኣታት ወይ ጸብጻብ ዝወሃቦ ትዕዝብቲ) ካልእ ናይ ጸብጻብ ኣሰራርሓ ኣገባብ እዩ። እዚ ውሑስ ናይ ኢንተርነት ፖርታል ኮይኑ፣ ንዘይጸጥታዊ ፍቓድ ዘለዎም ሰባት፡ ብዛዕባ ክህሉ ንዝኽእል ስለያ፣ ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ወይ ምስ ጽላታት ምክልኻል፣ ትምህርትን ንግዳዊ ጽላታት ኣውስትራልያ ዝተኣሳሰር ስግኣታት ውሽጣዊ ስግኣታትን ዘለዎም ስክፍታታት ንኽሕብሩ ዝተፈጥረ እዩ።

  – NITRO ኣብ መርበብ ሓበሬታ ASIO's ኣብ ድህረገጺ [nitro.asio.gov.au.](nitro.asio.gov.au) ይርከብ።

- ዘይግቡእ ባህርያት ናይ ወጻኢ ዲፕሎማስያውያን ወይ ቆንስላዊ ሓለፍቲ ናብ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢን ንግድን'ስ ፕሮቶኮል ጨንፈር ብኢሜል [Protocol.branch@dfat.gov.au.](mailto:Protocol.branch@dfat.gov.au) ክሕበር ኣለዎ።

- ድልዱል ባህሊ ጸጥታ ምምስራትን ምሕላውን ከምኡ'ውን ሰባት፡ ሓበሬታን ንብረትን ካብ ሓደጋታት ጸጥታ ዝከላኸሉ ፖሊሲታትን ኣገባባትን ምህላው [Protective Security Policy Framework].።

- ድልዱል ቁጽጽር ድሕነት ሳይበር ይሃልወኻ።

  – ፍጻመታት ናብ ማእከል ጸጥታ ሳይበር ኣውስትራልያ (ACSC) [Report and recover | Cyber.gov.au]።

  – ናይ ACSC መሻርኽቲ ንምኧን ኣብ [Australian Signals Directorate's Cyber Security Partnership Program | Cyber.gov.au] ተመዝገብ።

- ናይ ውሽጢ ስግኣት ሓደጋታትካ ኣብ ግምት ኣእትዎ እሞ ኣብ ሓደጋ ዝተመርኮሰ ምቅላል ከም ምፍታሽ ሓይሊ ስራሕ፣ ናይ ረብሓ ጎንጺ መደባት፡ ምፍታሽ ብቕዓት፣ ኦዲት፣ ከምኡ'ውን ናይ ምትላልን ስነ-ምግባርን ማዕቀፋት [ምምካት ንናይ ውሽጢ ስግኣት፡ ተግባራዊ ምግባር። መምርሒ ንመንግስቲ ኣውስትራልያ]።

- ናይ ሓደ ኩባንያ፣ ውልቀሰብ ወይ ትካል ዓዲ ዝተኣዘዘት ናይ ወጻኢ ሃገር ምኽና ወይ ብናይ ፋይናንሳዊ ስጉምቲ ሓይሊ ዕማም [Home (fatf-gafi.org)] ከም ልዑል ሓደጋ ዝተዘርዘረት ምኽና ፈትሽ።

- ኣብ ዝኾነ ስምምዕነት፣ ወፍሪ ወይ ሽርክነት ተግባራዊ ዝኾኑ ናይ ኣእምሮኣዊ ንብረት (IP) ወይ ናይ መጽናዕቲ ምርምርን ምዕባለን ምድላዋት ምርዳእ። IP ንምክልኻል መደብ ይሃልወኻ፣ ካብ ስርቂ ወይ ዘይተሓሰበ ኣሉታዊ ኣጠቓቕማ ሓዊስካ [Secure your success | ASIO]።

- ንመሻርኽቲ ከኾኑ ዝኽእሉ፣ ኣባላት ቦርድን ዳይረክተራትን፣ ወይ ኣውፈርቲ ንዝኾንኩም፣ ነዚ ዝስዕብ ኣብ ግምት ኣእትውዎ።

  – ኣብ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢን ንግድን ዝተጠርነፈ ዝርዝር ናይቶም ኣብ ትሕቲ ስርዓት እገዳ ኣውስትራልያ [Consolidated List | Australian Government Department of Foreign Affairs and Trade (dfat.gov.au)] ርኣ።

  – ውልቀሰባት ወይ ትካል ምስ ናይ ወጻኢ መንግስታት፣ ናይ ወጻኢ ፖለቲካዊ ትካላትን ምስ ናይ ወጻኢ መንግስቲ ዝተኣሳሰሩ ውልቀሰባት ወይ ኣካላት እንታይ ዝምድና ክህልዎም ከም ዝኽእል ርድኢትካ ንምሕባር፣ ኣብ [Transparency Register - Transparency Register (ag.gov.au)] ተመዝገብ።

  – ሓደ ኩባንያ ወይ ትካል ብግቡእ ከምዝተመዝገበ ኣረጋግጽ። ኣብ ውሽጢ ዓዲ፣ እዚ ብመንገዲ መዝገብ ንግዲ ኣውስትራልያ ከረጋገጽ ይከኣል [ABN Lookup (business.gov.au)] ከምኡ'ውን ኮሚሽን ዋሕስን ወፍሪ ኢንቨስትመንትን ኣውስትራልያ [Search ASIC's Registers | ASIC]።

  – ንግዳዊ ዝምድና ንምእታው ኣብ እትሓስበሉ እዋን ናይ ኩባንያን ኣክስዮን መሓውራትን፣ ላዕላዋይ ወነንቲን ድምጺ ኣልቦ መሻርኽትን ምርግጋጽ።

  – ኣብ ንግዳዊ ዝምድና እንታይ ዓይነት ተበጻሕነት ሓበሬታ፣ ስርዓታትን ቴክኖሎጂታትን ይድለ ወይ ክቐርብ ምኽኑ ኣብ ግምት ኣእቱ ስምምዓት ንምውዳእ ውጽኢታዊ ዓንቀጻት ከም ዚህልወካ ግበር።

  – ሕጋዊ ስርዓት ናይ ትውልዲ ሃገር ናይ ሓደ ኩባንያ ወይ ትካል ፍትሓዊ ድዩ ኣይኮነን፣ ከምኡ'ውን እቲ ሕጋዊ ስርዓት ብመንግስትን ስለያ ኣገልግሎታትን ሓበሬታን ጭቡጥ መረዳእታ ሕጋዊ ምብጻሕ የፍቅድ ድዩ ኣይፈቅድን ኣብ ግምት ኣእቱ።

# መንግስቲ ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ንምምካት እንታይ ይገብር ኣሎ?

*መንግስቲ ኣውስትራልያ ነቲ ብናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ዝፍጠር ሓደጋታት ንምምላስን ንሃገራዊ ረብሓ ኣውስትራልያ ንምክልኻልን ሕግታትን ካልእ ስጉምትታትን ኣተግቢሩ ኣሎ።*

## ሕጊ ምውጻእ

*መንግስቲ ኣውስትራልያ ንናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ተግባራት ከም ገበን ንምግባሩ ድልዱል ኣሰራርሓ ሕጋዊ ቅርጺ ኣለዎ። ሕጊ ገበናዊ ኣንቀጽ ሕጊ 1995* (ሕጊ ገበን) ስዉርን መደናገሪን ወይ ዘስግእ ንጥፈታት ብገበን ይገብሮ
ከምዚ ዝስዕብ ንዝሓሰቡ ሰባት፥

- ንዲሞክራስያዊ ስርዓታትን ኣሰራርሓታትን ኣውስትራልያ ጽልዋ ከሕድር ምግባር፤
- ኣብ ኣተገባብራ ዲሞክራስያዊ ወይ ፖለቲካዊ መሰል ወይ ግቡእ ጽልዋ ከሕድር ምግባር፤
- ናይ ወጻኢ መንግስቲ ስለያ ንጥፈታት ምድጋፍ፤ ወይ
- ንሃገራዊ ድሕነት ኣውስትራልያ ጽልኢ ምግባር።

ናይ ወጻኢ ኢድ ኣእታውነት ብመሰረት ሕጊ ገበን ክሳብ 20 ዓመት ማእሰርቲ ይቕጽዕ።

*መደብ ምድላዋት ወጻኢ* ( *Foreign Arrangements Scheme*) ኣብ መንጎ መንግስታዊ ዩኒቨርሲቲታት፣ መንግስታት ግዝኣታት ወይ ግዝኣታትን ናይ ወጻኢ ኣካላትን ዝግበር ምድላዋት ንርክባት ወጻኢ ኣውስትራልያ ብኣሉታ ከምዘይጸልዎን ምስ ፖሊሲ ወጻኢ ኣውስትራልያ ዝሰማማዕ ምዃኑን የረጋግጽ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ [Foreign Arrangements](Foreign Arrangements) ተወከሱ።

እቲ ብሕጊ ስኬም ግሉጽነት ጽልዋ ወጻኢ ኣንቀጽ ሕጊ 2018 ዝተመስረተ The *Foreign Influence Transparency Scheme* ውልቀሰባትን ኣካላትን ብስም ናይ ወጻኢ ኣካል ኣብ ኣውስትራልያ ዝካየዱ ዝተወሰኑ ንጥፈታት ከምዝግቡ ይጠልብ። 5>እዚ ድማ ንህዝቢ ብዛዕባ እንታይነትን ደረጃን ስፍሓትን ጽልዋ ናይ ወጻኢ ኣብ መንግስትን ፖለቲካን ኣውስትራልያ ርኡይነት ይህቦ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ FITS መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ።

ናይ *ወጻኢ ወፍሪታት ምስ ሃገራዊ ረብሓ* ኣውስትራልያ ዝጻረር ከምዘይኮነ ንምርግጋጽ፣ እቲ ናይ ወጻኢ ወፍሪ ማዕቀፍ (*Foreign Investment Framework*) ልዕሊ ዝተወሰነ ደረት ብናይ ወጻኢ ትካላት ኣብ ኣውስትራልያ ወፍሪ ንምግባር ዝቐርብ ርዕይቶ እማመታት ይምርምር። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ድረገጺ [www.foreigninvestment.gov.au](www.foreigninvestment.gov.au) ተወከሱ።

1>እቲ *ምሕላው ወሳኒ ቴክኖሎጂ ኣውስትራልያ (PACT) ቪዛ መጻረይ መርመራ ማዕቀፍ*ork ኣብ ወሳኒ ቴክኖሎጂ ዝተኣሳሰሩ ዓውድታት መጽናዕቲ ክገብሩ ንዝደልዩ ኣመልከትቲ ቪዛ ዝበለጸ መርመራ ከምዝግበር የረጋግጽ፣ ንትካላት ኣውስትራልያ ካብ ዘይተደልየ ምስግጋር ወሳኒ ቴክኖሎጂ ድማ ይከላኸል።

*ሕጊ ውሕስነት ወሳኒትሕተ ቅርጺ (SOCI) ኣንቀጽ ሕጊ 2018* ነቶም ኣብ ወሳኒ ትሕተ ቅርጺ ንብረት ዝውንኑ፣ ዝሰርሑ ወይ ቀጥታዊ ረብሓ ዘለዎም ሰባት ዘለዎም ሕጋዊ ግዴታታት ይገልጽ።

## ተወሳኺ ስጉምቲታት

### ጸረ ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ሓይሊ ዕማም (ሓይሊ ዕማም CFI)

ብውድብ ስለያ ጸጥታ ኣውስትራልያን ፌደራላዊ ፖሊስ ኣውስትራልያን ዝምራሕ ሓይሊ ዕማም CFI፣ ንኣውስትራልያ ንስለያን ናይ ወጻኢ ምትእትታውን ስርሒታዊ ምላሽ ይመርሕ፣ ከምኡ'ውን ንናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ተግባራት ንምልላይ፣ ንምግምጋም፣ ንምምርማር፣ ንምዝራግን ብዝተኻእለ መጠን ንምኽሳስን ይሰርሕ።

### ማእከል ምውህሃድ ጸረ ጣልቃ ምእታው ወጻኢ ሃገራት (CFICC)

ኣብ ውሽጢ ጉዳያት ውሽጢ ሃገር (Home Affairs)፡ CFICC ንሃገራዊ ኣተሓባባሪ ጸረ ጣልቃ ምእታው ወጻኢ፡ ንመንግስቲ ምሉእ ጻዕርታት ንምምካት ጣልቃ ምእታው ወጻኢ ሃገር ንምውህሃድን ምስ ካልኦት ትካላት ብሓባር ኣብ ፖሊሲን ምብጻሕን ሲኤፍኣይ/CFI መሪሕነት ንምሃብን ይድግፎ።

### ናይ ዩኒቨርሲቲ ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ሓይሊ ዕማም (UFIT)

UFIT ንጽላት ዩኒቨርሲቲን ትካላት መንግስቲ ኣውስትራልያን ኣብ ሓደ ብምምጻእ ኣብ ጽላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ንዝፍጠር ስግኣት ጣልቃ ምእታው ወጻእተኛታት ንምፍታሕ ብሓባር ይሰርሕ።

### ቴክኖሎጂ ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ሓይሊ ዕማም (TechFIT)

TechFIT ንጽላት ቴክኖሎጅን ትካላት መንግስቲ ኣውስትራልያን ኣብ ሓደ ብምምጻእ ኣብ ወሳኒ ጽላታት ቴክኖሎጂ ንዝፍጠር ሓደጋ ጣልቃ ምእታው ወጻኢ ሃገራት ንምፍታሕ ብሓባር ይሰርሕ።

### ሓይሊ ዕማም ምርግጋፅ ቅንዕና ምርጫ (EIAT)

EIAT ንኮሚሽነር ምርጫ ኣውስትራልያ ብዛዕባ ንጽህና ናይ ኣውስትራልያ ፌደራላዊ ምርጫ ፍጻመታት ክጸልዉ ዝኽእሉ ጉዳያት ሓበሬታን ምኽርን ይህብ፣ እንተላይ ካብቲ ሓቀኛ ወይ ዝተረድአ ስግኣት ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ይኸውን። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ [Electoral Integrity Assurance Taskforce webpage.](#) ምርኣይ

### ተበግሶታት መራኸቢ ሚድያ / ዲጂታላዊ ትምህርቲ

መንግስቲ ኣውስትራልያ ኤለክትሮኒካዊ/ዲጂታላዊ ትምህርቲ ንምህናጽ፡ ንህዝባዊ ረብሓ ጋዜጠኝነት ዝድግፍን ብዙሕነት ዘለዎ መራኸቢ ሚድያ ንምሕላውን ዝሕግዙ መደባት ይድግፍ እዩ።